Region Gävleborg

# ቅድሚ ብቪድዮ ዝርርብ ምስ ክንክን ጥዕናን-ሕማምን ክትሓስበሉ ዘለካ

ቅድሚ ብቪድዮ ኣኼባኻ ሓደ ድልዱል ናይ ኢንተርነት መራኸቢ ክህልወካ ሕሰብ።

ቅድሚ እቲ ናይ ቪድዮ ዝርርብ ምጅማሩ ብግዜኻ ርክብ ግበር፡ ምእንቲ ኩሉ ብዝግባእ ኣገባብ ይሰርሕ ከምዘሎ ክትፈልጥ።

ምእንቲ እቲ ትዛረቦ ዘለኻ ክርእየካ ክኽእል ኣብ ከባቢኻ ብርሃን ከምዘሎ ኣረጋግጽ። ነታ ካመራ ኣብ ናይ የዒይንትኻ ደረጃ ማዕረ ከምዘላ ሕሰበሉ። ሽዑኡ እቲ ትዛረቦ ዘለኻ ብቐድሚት ኮይኑ ትኽ ኢሉ ናብ የዒንትኻ ክሪእየካ ይኽእል።

ሓደ ናይ ቪድዮ ዝርርብ ክህልወካ እንከሎ ኣብ ህዱእ ሃዋህው ክትህሉ ጽቡቕ እዩ። ምእንቲ ንስኻን እቲ እትዛረቦ ዘለኻን እቲ ትብሎ ዘለኻ ጽቡቕ ክስማዕ እዩ። ከኡ’ውን ነቲ ናይ ምስጢርነት ኣብ ጸብጻብ የእቲኻ እውን ጽቡቕ እዩ።

ብዝተኻእለ ናይ እዝኒ መጕልሒ መድመጺ ተጠቀም፡ ኣዝዩ ዝሓሸ ድምጺ ስለዝኸውን።

ንስኻ ሞባይል ወይ ኣይፓድ እትጥቀም፡ ኣጽኒዕካ ከምትሕዛ ሕሰበሉ። ክትንቀሳቐስ እንከለኻ እቲ ናይ ስእሊ ዓይነት ኣዝዩ ሕማቕ እዩ ዝኸውን።

**ካብ’ቲ ወሃብ ክንክንካ ዝመጸካ ኤለትሮኒካዊ ደብዳቤ ክትዕቕብ ዘክር። ኣብ’ቲ ኤለትሮኒካዊ ደብዳቤ ናብ’ቲ ቪድዮ ዝርርብ ክትኣትው ትጥቀመሉ መላገቢ/መራኸቢ ኣሎ።**


## ብተሌፎን ወይ ብኣይፓድ ገይርካ ናብ’ቲ ቪድዮ ዝርርብ ምእታው

ቅድሚ እቲ ናይ ቪድዮ ዝርርብ ነቲ ***Skype för företag/ስክይፕ ንትካል*** ዝብል ኣፕ ኣብ ተሌፎንካ ወይ ኣይፓድካ ቅድሚ እቲ ናይ ቪድዮ ዝዝርርብ ምጅማሩ ኣውርድ (ኣብ’ቲ ኣፕ ኣይትእተው)።

ካብ’ቲ ወሃብ ክንክንካ ኣብ’ቲ ዝርርብ እትጥቀመሉ መላገቢ/መራኸቢ ዝሓዘ ኣለትሮኒካዊ ደብዳቤ ተዋሂብካ ኣለኻ። ናብ’ቲ ኣለትሮኒካዊ ደብዳቤ ከይድካ ናብ’ቲ *Anslut till Skype-mötet/ናብ’ቲ ናይ ስካይፕ-ኣኼባ ተጸንበር* መላገቢ/መራኸቢ ጠውቕ።


እቲ ኣፕ ይኽፈት፡ (ሓደ ሓደ ግዜ ሓደ *Sidan öppnas i en annan App/እቲ ገጽ ኣብ ካልእ ኣፕ ይኽፈት* ዝብል ሓበሬታ ይረአይ፡ ሽዑኡ ኽፈት ጠውቕ) *anslut som gäst/ከም ጋሻ ተጸንበር* ምረጽ (እቲ ኣማራጺ ምስዘይመጽእ ነቲ ኣፕ ዓጺኻ ከምብሓድሽ ጀምር)፡ ሽምካ ጽሒፍካ ነቲ ፍልጭ ጠውቕ፡ ሕጂ ኣብ’ቲ ኣኼባ ኣቲኻ ነቶም ካልኦት ናይ’ቲ ኣኼባ ተሳተፍቲ ተጸበይ ኣሎኻ። እንድሕር ብወገንካ ዘይተወሊዑ ኣሎ ነቲ ካመራን ማይክሮፎንን ጠውቕ።

ናብ’ቲ ቀይሕ ተለፎን ምልክት ብምጥዋቕ ነቲ ዝርርብ ደምድሞ።









# ናብ ብቪድዮ ዝርርብ ብኮምፕዩተር ገይርካ እተው

ካብ'ቲ ወሃብ ክንክንካ ኣብ'ቲ ዝርርብ እትጥቀመሉ መላገቢ/መራኸቢ ዝሓዘ ኣለትሮኒካዊ ደብዳቤ ተዋሂብካ ኣለኻ። ናብ'ቲ ኣለትሮኒካዊ ደብዳቤ ከይድካ ናብ'ቲ *Anslut till Skype-mötet/ናብ'ቲ ናይ ስካይፕ-ኣኼባ ተጸንበር* መላገቢ/መራኸቢ ጠውቕ።

እቲ ናይ መርበብ ገንጻሊ ሓደ ሓዲሽ ዓምዲ ይኸፍት ንስኻ ኻኣ በቲ ናይ ስካይፕ ኣፕ ገይርካ ናብ'ቲ ኣኼባ ክትጽንበር ትዕደም። ሓደ መስኮት ይኸፈት ኣብኡ ሽምካ መሊእካ ተጸንበር ትጥውቕ።

ነታ ካመራ ጠውቃ (እንድሕር እቲ ኮምፕዩተር ሓደ ምስኡ ልጉብ ካመራ ዘይብሉ ኾይኑ ሓደ ናይ ደጋዊ ምስ ኮምፕይተርካ እተላገቦ ካመራ ከድልየካ እዩ) ከምኡ'ውን እንድሕር ማይክሮፎን ዘይተወሊዑ ኣሎ። ነቶም ናይ ኣኼባ ተኻፈልቲ ተጸበይ።

ነቲ ቀይሕ ተለፎን ምልክት ብምጥዋቕ ነቲ ዝርርብ ደምድሞ።

